Alleskolan

ናብ ተማህሮ ቤት ትምህርቲ ኣልየስኩላን

ዘለናዮ ኩነታት ካብ ንቡር ወጻኢ ስለ ዝኾነ፣ ብዝተፈላለየ መንገዲ ኣዝዩ ብዓህን ኣጸጋምን ከም ዝኾነ ይርደኣና እዩ። እዚ ዝሓለፈ ሳምንቲ ትምህርትኹም ካብ ገዛ ብ ዲስታንስ ተሳቲፍኩም ነርኩም፣ ብመሰረት እቲ ካብ መምሃራንን ካልኦት ኣባላት ቤት ትምህርትን ዝረኸብናዮ ጸብጻብ  ጽቡቅ ከምዝሰራሕኩም ተረዲእና፣ ኣብ  classroom ትኣትዉ ነርኩም፣ ከመኡ ውን ብ meet ክላስ ትሳተፉ ነርኩም፣ በቲ ዝገበርኩሞ ጻዕሪ ድማ ኣዚና ነመስግነኩም።

እዚተላባዒ ሕማም ጌና ኣይጠፍአን ኣሎ ስለዚ ኩላትና ጻዕርናን ተወፋይነትናን ከንቅጽል ክንግደድ ኢና። እዚ ማለት ድማ ናብ ፈስታታት፣ እንዳ ጅም፣ ሲነማታት፣ ዓበይቲ ዕዳጋታት ካብ ምኻድ ክንቁጠብ ኣለና ፣ከመኡ ውን ብዝተኻእለና መጠን ካብ ኣባላት ስድራቤትና ወጻኢ ምስ ካለኦት ሰባት ካብ ምርኻብ ክንቁጠብ ይግባእ፣ ወላእኳ ኣሰልቻውን  ዘየሕጉስን እንተኾነ ምእንቲ ድሕነት ሕብረተሰብና ግን ሓላፍነት ክንወስድ ይግባኣና።  ጎኑጎኑ ድማ ንሕና ኣልየስኩላን  ብዛዕባ ትምህርትኹምን መጻኢኹምን ንከላኸልን ንሓስብን ኢና። እዚ ተላባዒ ሕማም ንኸይላባዕን፣ ኣብ መጎዓዝያ ጸቅጢ ንምጉዳልን፣ብግቡእ ትምህርትኹም  ክትከታተሉ ንምውሓስን ኩላትና ሓላፍነት ክንወስድ ይግበኣና።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ምኒስትሪ ትምህርቲ ሽወደን ኣና ኤክስትሮም፣ ነፍስወከፍና ርሕቀት ኣብ ምሕላው ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ሓላፍት ክወስዳ ከም ዝግበአን ኣነጺራ። ኣብ ኣልየስኩላን ድማ ተማሃሮን መምሃራንን ብዙሓት ስለዝኾንና ርሕቀትና ክንሕሉ ኣጸጋሚ እዩ። **ስለዝኾነ ድማ መምሕዳርን ሓለፍቲ ቤት ትምህርትን ካብ ዕለት 25-11-2020 ክሳብ 18-12-2020 ብኽልቲኡ ማለት  ብዲስታንስን  ኣብ ቤት ትምህርትን እንዳማላእና ክንመሃር ምኧንና ወሲኖም ኣለዉ።** እዚ ማለት ድማ ገለኹም እቲ ዝበዝሐ ክፋል ትምህርትኹም ብ ብዲስታንስ ክትመሃሩ ኢኹም፣ ገለኹም ድማ እቲ ዝበዝሐ ክፋል ትምህርትኹም  ኣብ ቤት ትምህርቲ ብምምጻእ ክትመሃሩ ኢኹም። ብዛዕብ እዚ ዝምልከት ሓበሬታ ንነፍሲወከፍኩም ብመንገዲ መምሃራንኩምን ክላስቲቸራትኩምን (mentor) ክወሃበኩም እዩ።

ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብ እንህልወሉ ግዜ ይኹን ኣብ ካልእ መዓልታዊ ሂወትና ነዘን ኣብ ትሕቲ ተጻሒፈን ዘለዋ ኣገደስቲ ምኽርታት ምሕላው ናይ ኩላትና ሓላፍት እዩ።

*ዝኾነ ይኹን ናይ ሕማም ምልክት ምስ ዝህልወኩም ኣብ ገዛኹም ጽንሑ።

*ርሕቀትኩም  ሓልዉ።

* ኣእዳውኩም ደጋጊምኩም ተሓጸቡ።

**ካብ ዕለት 25-11-2020 ክሳብ 18-12-2020  ኣብ ዘሎ ግዜ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ  ትመሃረሉ ተራኹም ምስ ዝኸውን ጥራሕ ኢኹም ናብ ቤት ትምህርቲ ትመጹ ኣብቲ ዝተረፈ ግዜ ድማ ኣብ ገገዛኹም ኰንኩም ትምህርትኹም ብዲስታንስ ክትከታተሉ ንጽበ።**

ትምህርቲ ሃልይኩም ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ኣልየስኩላን ኣብ እንህልወሉ ግዜ ነዘን ዝስዕባ ንጥብታት ካባኹም ንጽበ፣

*ካብን ናብን ቤት ትምህርቲ ኣብ እትጓዓዙሉ ርሕቀትኩም ክትሕልው።

*ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ኣብ እንህልውሉ እዋን ድማ ምስ መማህርትኹም ይኹን መምሃራንኩም **ርሕቀትኩም ክትሕልው ይግባእ፣** እዚ ማለት ኣብ ግዜ ትምህርቲ ይኹን ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ከምኡ ውን ኣብ ግዜ ምሳሕ ርሕቀትኩም ሓሊኹም ኮፍ በሉ፣ ናይ ኢድ ሰላምታን ምትሕቁቃፍን ኣወግዱ፣ ኣብ ሓንቲ ኮምፒተር ተኣኪብኩም ኣይትርኣዩ፣ ካብ ስኮፕ መጽሓፍቲ ኣብ እትወስዱሉ እዋን ርሕቀትኩም ሓልው። **ርሕቀትና ብምሕላው ንሓድሕድና ንተሓላለ!**

ከም ተማህሮ መጠን ዝኾነ ይኹን ሕቶ ወይ ርኢቶ ምስ ዝህልወኩም ንክላስቲቸራትኩም ወይ ንዳይረክተር ክትውከሱ ትኽእሉ።

**ትምህርትኹም እንዳተኸላኸልና ነዚ ወሪዱና ዘሎ ተላባዒ ሕማም ብሓባር ክንሰግሮ ኢና!**

ካብ ሓለፍቲ ቤት ትምህርቲ